Eritreischer MenschenRecht Verein e.V.
Baden - Württemberg Stuttgart
ኤርትራዊ ማሕበር ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል
ባደን ቩርተምበርግ ሽቱትጋርት

ታኅሳስ 15 2008

# ሀገርን ሕዝብን እናተሓመሰ፤ ካብ ኣማዕዳዊ ምኺን እጃምካ ምግባር!!

ክቡራን ኤርትራውያን ዜታት ኣብ መላእ ዓለም እንርከብን እትርከቡን፤ኲነታት ሕዝብናን ሀገርናን ኣብ ከበይ ዝበለ ዓይነት ህሞት በጺሑ ከም ዘሎ፤ ብመራኸቢ ብዙኃን፤ ኢንተርነትን መዓልቲ መጸ ክቃላሕ ኣብ እንሰምዓሉ ዘሎና መድረኽ ኢና እንርከብ ዘሎና፤ ከምቲ ምስላታት ኣበው ዝሕብረና፤ ሓንቲ ኣደስ ኣነ ሓጺሩኒ እንተበልኩስ ተደቢሩ ይስዕስዕ ኢለን ከም ዝብሃል፤ ጃንዳ ህግደፍ ካብቲ ዝነበሮ ብዝገደደ መልኽዑ፤ ሕዝብን ሀገርን ለካኺሙ ንምጥፋእ፤ሥርሐይ ኢሉ ተታሒዝዎ ዘሎ፤ እዚ ዕለት መጸ፤ብመራኸቢ ብዙኃንን ኢንተርንበትን ዝቃላሕ ዘሎ ኼይኑ፤ ኤርትራን ኤርትራውያንን ነብረትያ ነብሩ ንምግባር ምስ መላእ ዓለም ኣብ ቀይሕ ባሕርን ባብ ኣልማንደብን ዘለኦ ከባቡን ምብራቃዊ ወገን ህንዳዊ ውቅያኖስን፤ ጸረ- መላእ ዓለም ኣብ ቀላያት ቀይሕ ባሕርን ገማግም ሶማል ዝኾነ ህንዳዊ ውቅያኖስን፤ ባብ ኤል ማንደብን፤ኲናት ከፊቱ፤ ኣብ ናይ ዘበናዊ ናይ ባሕሪ ሽፍትነትን ከትርን፤ ተዋፊሩ፤ከም ቀዳማይ ዕላማኡ ሒዙ ምስ ሶማላውያን ብምሽራኽ፤ ውቅያኖሳት ሰፊፈን ዝሓልፋ መራክብ ንምዝማትን ንወነንተን ሓረጣ ገንዘብ ከም ዝኸፍሉ ምግባርን፤ነዚ ኣነዋርን ንክትዛረበሉ ዘሕፍርን ተግባራትዚ ካብ ዝተሓሓዞ ንውሕ ዝበለ ጊዜ ኣቀኂሩ ኣሎ።

ካብዚ ሓሊፉ ከአ እታ ክንደይ ጀጋኑ ዝወደቑላን፤ ብዙኃት ዝሰንከሉላን ከንደይ ሥድራቤታት ዝጸነታላን ክንደይ ሥድራታት ዝተበታተኑላን ሀገር፤ ኣብ ክንዲ ክብሪ ሓሳር፤ ኣብ ክንዲ ሕጊ ሽፍትነት ብሰብ ብረት ስለ ዝበዝሐ መከራ ሕጊ ኣልቦነትን ስለ ዝነገሰ፤ እተወልደ ዝኾነ ኣብ ዘበናዊ ጊላነት ተቋሪኑ፤ እግሪ ዘለዎ ዘበለ ካብዚ ኣስካሕካሒ ኲነት ንምእላይን ምርሓቕን ንመላእ ዓለም ተበታቲኑ፤ ኣረጋውያን ወለድናን ኣሞኊታትናን ዝኾኑ ማይ ዘቀብሎም ስኢኖም ኣብ ዝርከብሉ፤ ኣብ ፈቐዶ ከተማታትን ገጠራትን ኣብ ገዛ ተዓጽዮም ዝሞቱ ዘለዉ፤ ብኣዝ ክትጽሕፎ ኣመና ከቢድ ኼይኑ ይርከብ ኣሎ።

ተሰሚዑን ተራእዩን ዘይፈልጥ ሬሳታት ዘልዕሉ ተሳኢኑስ ኣንስቲ ካብ ዝሸከማኦ ጊዜ ኣቀኂሩስ እሞ ከአ ኣብ ጊዜ “ናጽነት”፤እምበኣርከስ ኣብ ከምዚ ዝበለ ወቅቲ ኢና እንርኸብ ዘሎና።እቲ ምስ ጐረባብቲን ዓለምን ሓዊ ምጽሕታርን ምትኹታኹን ጥራይ ከይኣኽሎም ከአ ርስሓት ናይ ዓለም፤ካብ ኤውሮጳን ቀረባ ምብራቕን ካብተን ዘበናውያን ናይ ንዩክለር ኣዳለውትን ኢራንን ካልኦትን እቲ ሰንካም ሳዕቤን ዘለዎ ጉሓፎም ናብ ሀገርና ኤርትራ ይጉሓፍ ከም ዘሎ፤ ንሰምዕ ኣሎና።እዚ ከምቲ ኣብ መጨረሻ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ሂሮሽማን ናጋሳክን ዝተደርበየ ብቀንዱ ፤ንጃፓን ክሳብዚ ጊዜዚ ይሳቕዮም ምህላዉ፤ይፍለጥ፤

- ➢ <u>ኤርትራ ሀገርናከ እንታይ ስለ ዝበደለት ኢዩ?</u>
- ➢ <u>ክሳብ ክንድዚ ዝሳቒ ጉሓፍ ንክጐሓፊላ ዝተፈቕደ?</u>

- <u>**እዚ ናይ ገንዘብ ህርፋን ጥራይ ኢልናዶ ክንውድኦ ይኽአልዶ?**</u>
- <u>**ወይስ ንሕና ዘይበጻሕናይ ውሽጣዊ ትሕዝቶ አለዎ ኢዩ?**</u>

እሞ ደቃ ዝኾኑ ዓዶምን ውርሻኦም ዝኾነት ኤርትራ ሀገሮም መደርበየ ርስሓት ጉሓፍ ዝኾነት ክትኮውን ስቅ ኢሎም ክርእዩ ድዮም? አይብሃልን፤- እዚ ጃንዳ ህግደፍ ጥራሕ ዝረብሕሉ፤ ሕዝብና ዝሳቀየሉ ኵነት ስለ ዝኾነ፤

- ተባዕ ሰራዊት ኤርትራን ሕዝቢ ኤርትራን ሕጁስ ይአኽል ኢሎም ብፍኑው ምንቅስቃሳት አብ ኵሉ ኵርናዓት ኤርትራ ክንቀሳቀስሉ ይርኤ አሎ፤
- ነዚ ኃይልታታ ኤርትራ ተበግሶ ወሲደሙሉ ዘለዉ፤ ንሕና አብ ፈቀዶ ዓለም ከም መእሰሪ ዘይብሉ መአዶ ፋሕ ኢልና እንርከብ ዜጋታታ አብ ክንዲ ብውድበይ ውድብካ ማኅበረይ ማኅበርካ ዓርከይ ዓርክኻ፤ እናበልና ማዕዶ ማዕዶ ካብ እንጭርሕ፤ ነዚ አብ ሀገርና ዘሎ ውዕዉዕ ተቓውሞ ሰራዊት ኤርትራ ብሓድነት ተጠርኒፍና ፤-
- <u>**አጆካ! አሎናልኻ**</u>
- <u>**ዕጠቕ ስረኻ!!**</u>
- <u>**አድሕን ዜጋኻ!!**</u>
- <u>**ደው በል ንመሰልካን መሰል ሕዝብካን**</u>
- <u>**ንህገራዊ ክብርካን!!**</u>
- <u>**ተቐላጠፍ ድርዕም ጸላኢ ሀገርካን ሕዝብኻን**</u>

ክንብል ሀገራዊ ሓላፍነት ግድነትን አሎና።

እናበልና፤ ነዚ ዝርኤ ዘሎ ምልዕዓላት አብ ረብሓ ሕዝብን ሀገርን ንከነውዕሎ፤ ነቲ ውልቀ መላኽን አጋፈኃቱን ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ሕቆ ሕዝብናን ሀገርናን አውሪድና ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ደርቢና፤

- <u>**መሰል ዜጋታታ ዝኽበረለን**</u>
- <u>**ብቅዋምን አብዝሓ ሰልፍታትን**</u>

እትምእከል ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንክንሃንጽ ወላዲት ሀገርናን ጭቁን ሕዝብናን ይጽውዑና ስለ ዘለዉ፤ በብዘለናዮ ሀገር አለናልኺ አለናልኹም መጻናኺ መጻናኹም እንተ ኢልናዮም ጉጅለ ህግደፍ ባልጅኦም ጥርኑፍ ገንዘቦም ሕሉፍ አይውዕሉ አይሓድሩ፤ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሑኺ ተበግሶታትና ድኹም ብምንባሩ ኢዩ።

ኤርትራዊ ማኅበር ተጣባባዊ ሰበዊ መሰል
ሽቱትጋርት ባደን ቩርተምበርግ - ርመን